ቃል ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሽጠ.

ክቡራንን ክቡራትን ኣጋይሽ ዕዱማት

ኣብዚ ሎሚ ዓመት 2014 ነበይላ ዘለና ዕዘዙ ኣጋጥሚ ሓርነትና ልዕላዊነትና ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ፈተውቲን መሳርኡቲን የሃና! ዝ. በዓል ንምዕዝዝ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ዓለም መሳናድኣታት ወዲዎም ብዝተፈላለየ መሳጠ. መድረኻት ምርኢት ዘማዕረጉ ሸምዋለ በዓላትን ኣብላት ሰራዊትን ሃገራውያን ማሕበራትን ተመሊሮን መንእሰያት ማሕበራ ኮምትን ጥበባውያንን መሃዝቱ ባህላዊ ጉጅለታትን ፈተውቲ ህዝቢታትን ልዑል ምስጋና።

ፍሉይ ምስጋና፡ ኣብ መንነና ንዘርከቡ ኣጋይሽ ሓው ኢብራሂም ገንዱር፡ ሓው መሓመድ ጣሀር ኣሊ፡ ሓው መሓመድ የሰፍ ኣደም፡ ስለሉታፊኣም ንዕኣምን ህዝቢ ሱዳንን፡ ናይ ክብሪ ምስጋና ምስ ሰናይ ትምኒት።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንኹ

ናጽነትን ልዕላዊነትን ህዝቢታት፡ ዓይነታትን ፍሉይነትን ኣለዎ፣ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነትን ልዕላዊነትን ከኣ ናቱ ፍሉይ ታሪኽ ትርጉምን ኣለዎ። ከሎም ህዝቢታት ኣፍሪቃ ኹናየም ዝሕኩሉ ታሪኽ'ኳ እንተለዎም፣ እዚን ሎሚ ከም ልዕላዊያን ሃገራት ንሬልጠኑ ኣብ መውጹኢታ 19 ዘመን ምስ ዝነፍሕፈሕ መዋጽኢ ኣወርጻ ብቕንዱ ቅርጺ ዝሓዝዎ፡ ንናይ ሸው ጃኡ እስትራተጂያዊ ኩነታት ዓለም፡ ኤርትራ ከም ባቡጉደና ምሸምገው ሰሜናዊ-ምብራቕ ኣፍሪቃ ተወሲዱ ካብዚን ዝቕደማ ኣብ ትሕቲ መዋጹኢ ቅርጺ ክሕዝ ዝጀመራ ሃገራት'ዩ። ምስ ናይ ሸው ወጥናት ምስፍሕፈሕ መዋጹኢታት፡ ክሳብ ምጅማር 2ይ ዓለማዊ ኩናት ከኣ ኣብ ኣዝዩ ፍጡን ማሕበራቕጠባዊ መሳርሕ ከም ትሲጋር ተገይሩ፡ ኣብ ወሽጠ'ቲ ናይ ኣስጉዳድ መሳርሕ ምስግጋር (transformation) ታሪኽ ተቓወሞ ኤርትራውያን ንመዋጹኢቲ ብስልጡን ጅግንነትን ሓበገን ዝገለጽ'ዩ።

ድሕሪ 2ይ ዓለማዊ ኩናት፡ ምስ ምቅይያር ሚዛናት ዓለማዊ ስርዓት፣ ናይ ኤርትራን ህዝቦን ጃኡ እስትራተጂያዊ ቦታን ኣገደስነትን ኣይቀየረንዩ፡ እቲ ሸው ዝተገበረ ከም ዘመነ "ዝሑል ኩናት" ዝፍለጥ ዓለማዊ ስርዓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዕላወቱን ከፍለጥ ዝጎበኦ ነበረ፡ ነቲ ዳሕራይ "ናጻ ኤርትራ ንዓለማዊ እስትራተጂያዊ ረቡሓታትና ኣይተገልግልን'ያ!" ተባሂሉ ዝተቐየሰ ውዲት 'ምኽኑይ' መቕድም ንምስለፍ፡ ኣብ "ሞዝሪትስት" ነምግቑሮን ተገይሩ፡ ኣብቲ ሓጺር እዋን ሞዝሪትስት እንግሊዝ ዋላ'ቲ ንኣገልግሎት መዋጹኢቲ ዝተዋደደ ትሕቲ ቕርጺ ፈጺሙ ከምዘኣ ተገይሩ፣ መንእት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ዝተኻየደ ከፋፋሊ ስርሕታት ናይ ርሑቕ ተተኽሮ ኣይኮነን፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተመሳሰለ ተቓወሞ ኤርትራውያን ከኣ ከም ወትሩ ብጅግንነትን ሓበገን ዝገለጽ'ዩ ነይሩ።

ቅዲ ዕበለን ምግባትን ዘመነ 'ዝሑል ኩናት'፣ ከምቲ ዝቕደሞ ቅለፅ ቀጥታዊ መዋጹኢቲ ዘይኮኑ ብወትልናዊ ማላ ዝኾለ ስለዝለረ፣ ናይ ሸው ልዕሉ-ሓይል ኣሜሪካ፡ ዓለማዊን ዞባዊን ዓብልል-ገበት ንምርግጋጽ፣ "ከይጸዋዕዎም ምህይ! ከይለኣኻዎም ናበይ!" ብዝብሉ ኣሳሳይታ፡ ንኤርትራን ህዝቦኡ ናብ መዋጹኢቲ ብወትልና ኣልሒቕ። ንሕርያ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ብሃንወትን ሓይሊን ንምቕጻይ ኣሜሪካን ዞባዊያን መልሒቕታን ዝተፈጸመ በይል ኩሉ እቲ ኣበርዩ ዝዘረያ ሕብረትሶቪየት ነበር ዝቕጸሎ ወራራት፡ ናይ ቀረባ ተዘከሮ'ዩ፡ ኣብ ዘመነ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ እዋን መዋጹኢታዊ ምስፍሕፈሕ ብወትልና ዝተመሳሰለ ቀያ ተቓወሞን መሰተን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ጥርዚ፡ ናይ ኩሉ ታሪኽ መሰተን ጅግንነትን ሓበገንን'ዩ።

እዚ ሎሚ ኣብ 23 ዓመቱ ነበልሉ ዘሎ ናጽነት ኣብ 1991 ህዝቢ ኤርትራ ዝጨበጦ ናጽነት እምባኣር፣ ናይ ኣስታት 100 ዓመታት ዘደሰልኪ ብድሆን መሰተን ዛንታ፡ ኣንጻር ተኸታተልቲ መዋጹኢቲታትን ዕሱብ ዕምን'ዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ቃናን መቕረትን ቦዓላት ናጽነት፡ ፍሉይን መንቀል ረዚን ሓበገን ዝሰውጉ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣብቲ ሓጺር እዋን ሞዝሪትስት ዝተፈጠረ ተንኮል ኣገልግሎት ዝተዋደደ ዝተዋደደ ትሕቲ ቕርጺ ፈጺሙ ከምዘኣ ተገይሩ፣ መንእት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ዝተኻየደ ከፋፋሊ ስርሕታት ናይ ርሑቕ ተተኽሮ ኣይኮነ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተመሳሰለ ተቓወሞ ኤርትራውያን ከኣ ከም ወትሩ ብጅግንነትን ሓበገን ዝገለጽ'ዩ ነይሩ።

ቅዲ ዕበለን ምግባትን ዘመነ 'ዝሑል ኩናት'፣ ከምቲ ዝቕደሞ ቅለፅ ቀጥታዊ መዋጹኢቲ ዘይኮኑ ብወትልናዊ ማላ ዝኾለ ስለዝለረ፣ ናይ ሸው ልዕሉ-ሓይል ኣሜሪካ፡ ዓለማዊን ዞባዊን ዓብልል-ገበት ንምርግጋጽ፣ "ከይጸዋዕዎም ምህይ! ከይለኣኻዎም ናበይ!" ብዝብሉ ኣሳሳይታ፡ ንኤርትራን ህዝቦኡ ናብ መዋጹኢቲ ብወትልና ኣልሒቕ። ንሕርያ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ብሃንወትን ሓይሊን ንምቕጻይ ኣሜሪካን ዞባዊያን መልሒቕታን ዝተፈጸመ በይል ኩሉ እቲ ኣበርዩ ዝዘረያ ሕብረትሶቪየት ነበር ዝቕጸሎ ወራራት፡ ናይ ቀረባ ተዘከሮ'ዩ፡ ኣብ ዘመነ ዝሑል ኩናት፡ ኣብ እዋን መዋጹኢታዊ ምስፍሕፈሕ ብወትልና ዝተመሳሰለ ቀያ ተቓወሞን መሰተን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ጥርዚ፡ ናይ ኩሉ ታሪኽ መሰተን ጅግንነትን ሓበገንን'ዩ።

ኣብ 1991 ህዝቢ ኤርትራ ዝጨበጦ ናጽነት ኣብ ዝተፈላለየ ውተሃደራዊን ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ቁጠባዊን ናይ ፍልስትሳዊትን ሽርሒታት ከይረሳዕነ'ዩ፡ ኣብ ወሽጠ ንኣስታት 20 ዓመታት ገቐጸለ እወጅ ኩናት ዝተሳዕዱ ብዘይ ዕረፍቲ ዝቖደድ ዝተፈላለየ ውተሃደራዊን ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ቁጠባዊን ናይ ፍልስትሳዊትን ሽርሒታት ከይረሳዕነ'ዩ፡ ኣብ ወሽጠ ንኣስታት 20 ዓመታት ገቐጸለ እወጅ ኩናት መሰተ ህዝቢ ኤርትራ ከይተጻዕዱ ተሪፉን ሰዊዱን ጥራይ ዘይኮኑ ከሉ ውዲትን ሽርሒታትን ኣብ ቅድሚ ዓለም እናተብህለን እናፈኸሰን ከይዱ፣ ናይ ፈሓስቲ ጭንቅት እናዝደ፡ ወግሒጹ ከ ዝኽሪ ጠቕነታትኡ ንዕምየ "የፍየል ወጠባዊን" መርኢያ ጥፍሽሽቲ'ዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚን ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዘመሳሰሮ ናይ ጅግንነትን ሓበገን መሰተ እምባኣር፡ ኣብቲ ታሪኻዊ 100 ዓመታት ዝድመር ቅያ'ዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ምስ ከሉ'ዚ ክብ ኢሉ ዝተዘጋጋረ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ መሰተ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነትን ክብሪ ልዕላወትን፣ ኣብዚን ዝሓለፉ 20 ዓመታት ብመንጽር ከሉ ዓይነታት ተጻብኦ ዘመሰወልናዮ ንቕሓት መሰተና ንሓርነት ልዕላዊ መሬትና ከይሰልከፍ፣ ብሽርሒታትን ምትኽታኑን ጅሆ ከይተታሓዝና፣ መኣዝንን ቀዳምነትን ንዕዘ ህንጸት ሃገር ገጥ ምባል'ዩ ነይሩ። ትርጉም ክብሪ ሓርነትን ልዕላዊነትን ብዘላቒ (sustainable) ምምሕያሽ ዓይነት ሂወትን መሰብርን ህዝቢ ስለዝገልጽ፣ ንሱ ንኡ ብዘይሕሰል መሰተ ልምዓት ስለዝረጋገጽ፣ ቀዳምነት ቀዳምነታትና፣ ዝዓለመ ሃገራዊ ቁጠባ ድልዱል መሳረት ንምንጽፍ፣ ካብ ሰማይ-ጠቀስ ዓሙዳዊ ዘብለጭልጭ ንፕሮፓጋንዳዊን ህዝባዊ ርክብዊን (PR) ሃልኪ ዝጋዋሕ ፕሮጀክትታት ጸዕዳ ሓረምዝ ዝረሓቑ፡ ዘላቒ ዕብየት ዘውሕሱ ሰፊሕን ርትዓዊን ዝርግሐ ዘለዎ፡ ዜግነት ዘኽብርን ዕድላት ዜጋታት ዘጸዘናብልን፡ ኣብ ሕርሻን ምስናዕን ኣገልግሎታትን ዘዘኩሩ ሓቀኛ ቁጠባዊ ስርዓት ህንጸ ምንኳቕ'ዩ፡ ዘይንቕነቕ መሳረት ንምንጽፍ፡ ዘመዘዝብናዮን 'ኮመዮገን ገኪጋኑ ጸላት ብጽላት ዘልሓጥ ከይበሉ ዓቕንን ዓይነትን ዓቕሚን እናደለበ ይኸይድ ከምዝሎ ከኣ ባይታ ንዝጠመተ ርኡይ'ዩ፡ ድርኺቱን ናህሩን ከዘይድ ከምዝኸነ ከኣ ኣየጠራጥርን፡ ከምኡ ስለዝኸነ ከኣ'ዩ ገኪጋኑ ንምሕናቕ ዕቡድ ተጻብኦታት ከካየድ ንዕዘቡ፡

ንኸሉ ዘላቒ ልምዓታዊ ገኪጋኑ ምስ ካልእ ተመሳሳኢ ጸጋታት፡ ጸጋን ዓቕሚ ሱብን ምኽዕባት ወሃ ስለዝኸኑ፣ ፍልጠትን ሞያዊ ክእለትን ግብራዊ ናይ ስራሕ ተመክሮን ኣፍራይነትን ንምድራኽ፣ እናተዳኸመ ከኸይድ ዝጽንሐ ዳሲፕሊን ትምህርታዊን ሞያዊን ስልጠናታት ንምሕያል ከኡ ሸለል ኢልካ ዘይሕለፍ መድርኻዊ ዕማምን ዕቱብ ኣደነበ ዝሓትትን'ዩ፡

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን

ኣብ መቓን ናይ ሃገራዊ ህንጸት ዕምምትና፡ ፖለቲካዊ ህንጸት ከም መብጽሒ (ወሳላ) ኣገዳሲ ኣጃም ስለዘለዎ፡ ምስናይ'ቲ ጉዕዞና ንምስናኻል ከካየድ ዝጽንሐን ዘሎን ተጻባኢ ግዳማዊ ሓንሊ ህዳናታት፣ ብዙሕ ተማሃሮናን ተመኩርናን ስለዘለና፣ ንመጻኢ መምህራዊ ስርዓት መርሓ ፖለቲካዊ ጉዳና ዝቕይስ ቅዋም ምንጻፍ ክጅምር ምኽኑ፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከፍልጥ እፈቱ።

ኣብ መደምደምታ፡ ነቲ ብዘይምሕሳል ተጋዳሊ፡ ከሉ መሳናኽላት ሰጊሩ ብመሳዋእቱ ናጽነት ክወን ገይሩ ኣብ ዘይሰልኪ ልምዓት፡ ምስ ቁልዓ ዝሓዘላ ኣዴታት ከይተረፉ፡ ኣብ ከቢድ ልምዓታዊ ወፍሪ ዝርከብ ህዝቢ፣ ብጅግንነትን ሓበገን ደሙን ረስጽ ጉልበቱን ወፍዩ፣ ዋልታ ልዕላዊነትን ሕመረትን ዲናሞን ልምዓታዊ ህንጻ ኮይኑ፡ ቀትሪን ለይቲን ሓኸት ዝብል ዘሎ ከሉ ክፋላት ሓይሊታት ምክልኻልን ድሕነትን፣ ናይ ክብሪ ሞኻ ይብጹሓዮ! ጥሉል ክራምት!

ዘልኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታትና ዓወት ንሓፋሽ!